## ደምዳሚ መግለጺ

## ሻዱሻይ ስሩዕ ኣኼባ፡ ማእከላይ መሪሕነት

## ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/

### ጀጋኑ ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/ ካብ 6-9 ሚያዝያ 2017 ኣብ ዘሎ ግዝያት 6ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ኣሰላሲሉ። ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኺብኡ ንህልዊ ዓለማዊ፡ ከባብያውን ሃገራውን ውድባውን ኩነታት ብዕምቆት ገምጊሙን ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉን።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ሃገራዊ ኩነታትና ኣመልኪቱ ኣብ ዝረኣየሉ፡ ስርዓት ህግደፍ ብሰንኪ'ቲ ብውሽጥን ብደገን ክኽተሎ ዝጸንሐን ዘሎን መዕነዊ ፖሊሲታቱ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሐሙሉ ኣብ ዘለውሉ ወቕቲ፡ እቲ ውልቀ መላኺ ስርዓት'ውን እንተኾነ ብኣንደበቱ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት'ዚ እዚ ኣብ ልምዓት ዝተሰርሐ ከምዘየለ ድሕሪ ምእማኑ፡ እቲ ዝቕጽል ዘሎ መስርሕ ነዚ ሓደጋ'ዚ ዘቃላጥፍ ዳኣምበር ዝዓጽፍ ከምዘይኮነ ማእከላይ መሪሕነት ብዕምቆት መዚኑ። ኣብ ርእሲ'ዚ ውን ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት እናሻዕ ክገብሮ ዝጸንሐን ዘሎን ሸርሕታት ኢ.ደ-ብይዛ ናይ ደገ ሓይልታት ኮይኑ ኣብ መጠነ-ሰፊሕ ግፋ ተዋፊሩ ተሰለፍ ተኣንጕት እናበለ ሃገርና ሕጂ'ውን ከቢድ ናይ ኲናት ደበና ከንጸላልዋ ይኸውን ኣሎ እዩ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ፡ ብሰንክ'ቲ ኣብ ውሽጢ ስርዓቱ እናሻዕ ክኽሰቱ ዝጸንሑን ዘለዉን ተቓውሞታት ዝወስዶም ዝተፈላለዩ ስጉምትታትን ንዘጋጥዎ ናይ ምምራሕ ዓቕምታቱ ምድኻማት ክጸጋግን ምእንቲ ብካልእ መልክዕ ወደባ ኣብ ትሕቲ ሽፋን ናይ መኸተን ልምዓትን ብዝያዳ ምልካዊ ኣሰራርሕኡ ኣስጢሙ ዝቕጽለሉ መሓወር እዩ ዘርጊሑ። እዚ ብዞባታት መቓቒሉ ዝቐረጾ ውጥን'ዚ ዕድመ-ስልጣኑ ከናውሕ ዝገብሮ ናይ ፖለቲካዊ ሸርሒታት ጸወታ ፋይዳ ከም ዘይብሉ ማእከላይ መሪሕነት ብዕምቆት መዚኑ። ከምዚ ስለ ዝኾኑ ካኣ እዮም ህዝብታት ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን ልምዓትን ተሓሪሙዎም ጭቆና መሪርዎም ሕጂ'ውን ምስቲ ኩሉ ኣብ ጉዕዞ ዘጋጥሞም ሓደጋታት መዓልቲ-መዓልቲ ንስደት ይውሕዙ ኣለዉ እዮም።

### ተባዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ዓለማዊ ኩነታት ኣመልኪቱ ኣብ ዝረኣየሉ ጥሩፋውያን ግብረ-ሽበራውያን ሓይልታት ዘውርድዎ ዘለዉ ዕንወት ከይኣክል፡ ኣብ ሞንጎ ተናሓናሕቲ ርእሰ-ሓያላን ሃገራት ብዓለምን ብዞባን ንጸቢብ ረብሓታቶም ክብሉ ኣብ ልዕሊ ፍትሓዊ ሕቶታት ዘልዓሉ ህዝብታትን ሃገራትን ዝግበሩ ምትእትታዋትን ጐንጽታትን ናብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ምህላዉ ዘርኢ ኣብ ሶርያ ኣብ ዘጋጠመ ናይ ህጻናት ህልቂት ተረኺቦ ምኽንያት ብምግባር ዝተወሰደ ግብሪ መልስን ዘጋጥምዎ ዘለዉ ምንሕናሓትን ሓደ ኣብነት እዩ። እዚ ብሓደ ሸነኽ፡ ክኸውን እንከሎ ብካልእ ሸነኽ ካኣ ኣብ ኑክለራዊ ተወንጫፊ መሳርያታት ምምዕብልን ፈተነታት ምግባርን እናጸበበ ዘይኮነስ ብኣንጻሩ እናዓበየ ይኸይድ ምህላዉ ዝፈጥርዎ ዘለዉ ወጥረታት እቲ ኩነታት ናብ ናይ ዝሑል ኲናት መድረኽ ይምለስ ምህላዉ ዘመላኽት እዩ። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ካኣ'ዩ ንዓለምናን ዞባናን ኣብ ከቢድ ሻቕሎት ኣውዲቑዎ ምህላዉ ማእከላይ መሪሕነት ተገንዚቡ። ጽዑቕ መግለጺ ናይዚ ሓደገኛ ተርእዮ'ዚ ካኣ ህዝቢ ሱርያ ብሰላማዊ መንገዲ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰሉ ክረጋገጸሉ ዝተበገሰ ፍትሓዊ ቃልሱ ግዳይ ናይቲ መላኺ ስርዓትን ግብረ-ሽበራውያን ሓይልታትን ኢድ-ምትእትታው ዓላማውን ዞባውን ርእሰ-ሓያላን ሃገራትን ኮይኑ ብኣሽሓት ክሞቱን ብሚልዮናት ክስደዱን ሃገር ክትባድም ኮይና እያ። እዚ ኣብ ህዝቢ ሶርያ ክወርድ

ዝጸንሐን ዘሎን ኣረሜናዊ ግፍዕታት'ዚ ድሕሪ ካላኣይ ኲናት ዓለም እቲ ዝዓበየ ጥፍኣት ወዲ-ሰብ ዝተራእየሉ ዘሕዝን ክስተት እዩ። ሕጂ'ውን ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ብዓለም-ለኻዊ ሕጊ ዝተኸልከለ መርዛም ጋዝ ብምጥቃም ንህጻናት ቆልዑን ኣንስትን ኣረጋውያንን ዝጐድአ መቐጸልታ ናይቲ ቅድሚ ሕጂ ከጋጥም ዝጸንሐ ምኻኑ ማእከላይ መሪሕነት ብዕምቆት ተመልከተ። እዚ ብተኸታታሊ ንሽዱሽተ ዓመታት ልዕሊ ውጹዕ ህዝቢ ሶርያ ክወርድ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ብርሰት ሓደጋ ብጥብቂ ኰኒኑ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ከባብያዊ ኩነታትና ኣመልኪቱ ኣብ ዝረኣየሉ፡ ዝበዝሓ ሃገራት ናይዚ ከባቢ'ዚ ገሊኤን ብሕድሕድ ኲናትን ድርቅን፡ ገሊኤን ካኣ ብድርቂ በብደረጅኡ ዝጥቃዓ ዘለዋ ገሊኤን ካብ ምቁጽጻረን ወጻኢ ዘይኮነ፡ ይኹን ዳኣምበር እዚ ሓደጋ'ዚ ብዝኸፍኤ መልክዑ ዝተገለጸሉ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት የመናውያን ዝተኸሰተ ውሽጣዊ ጐንጽታቶም ብሰላም ኣብ ምፍታሕ ኣብ ዝተጸገሙሉን፡ ኣብ ከቢድ ኲናት ኣብ ዝተሸምሉን ብኣሸሓት ክሞቱን ክስደዱን ኣብ ዝኾንሉ ድርቂ ተሓዊስዎ ህዝቢ የመን ናይ ብርሰት ሓደጋ የንጸላልዎ ምህላው ማእከላይ መሪሕነት ብዕምቆት ገምጊሙ። ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ኣሕዋት የመናውያን ጐንጽታቶም ብሰላም ክፈትሑ ኣብ ክንዲ ዝጽዕት ንጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓታቱ ተዓሲቡ ዘይረብሓ ኣቕራሽ ከኻዕብት ክብል መሊሱ እቲ ዝተባረዐ ኲናት ክቕጽልን ኣብ ጥፍኣት እቲ ሕብረተ-ሰብ ክውዕልን ዝገብሮም ሸርሒታት ኣጥቢቑ ኰኒኑ። መላእ ፈታው ሰላም ሕብረተ-ሰብ ዓለም ህዝቢ የመን ጐንጽታቱ ብሰላም ክፈትሕን ኣጋጢሙዎ ዘሎ ናይ ደርቂ ሓደጋታት ኣብ ምቅላል ተርኡ ክጻወትን ማእከላይ መሪሕነት ብኣጽንኦት ጸዊዑ።

## ጀጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ  ንህልዊ ኩነታት ደምበ ተቃውሞ ብሓፈሻ፡ብፍላይ ካኣ ኤዴኪን ሃገራዊ ባይቶን ብዕምቆት ገምጊሙ። ኣርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንሞክራስያዊ ለውጢ ውሽጣዊ ጸገማቱ ንምፍታሕ ዝካየዱ ዘለዉ ጻዕርታት ኣተባቢዑ፣ ኣብ መዕርፈኦም ንምብጻሕ ድማ ውድብና ከም ወትሩ እቲ ካብኡ ዝጥለብ ዘበለ ከማልእ ድልዊ ምህላዉ ዳግም ኣረጋጊጹ። ኣብዚ ህሞት'ዚ ምስ ኣብ ዓለምናን ዞባናን ዝኽሰቱ ዘለዉ ምዕባለታት ንኩነታት ሃገርናን ቃልስናን ዝትንክፉ ሓደሽቲ ክስተታት ኣብ ዝቀላቐልሉ ወቕቲ ብሓደ ሸነኽ፡ ብካልእ ሸነኽ ድማ  ምስቲ ኣቐዲሙ ንሃገርና ኣንጸላልዩዋ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ተደማሚሩ፡ እዚ እዋን'ዚ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ምርብራብ ከም ዘድሊ ማእከላይ መሪሕነት ኣስሚሩሉ ሓሊፉ።

ኣብ ዘይመሰረታዉ ጉዳያት ሕድገታት እናገበርካ ሃገር ንምድሓን ኣብ ክንዲ ምቅላስ ጸቢብ  ውልቃውን ጉጅላውን ውድባውን ሕሳባት እናኣቐደምካ ምኻድ እንትርፎ ግዜ ንምሽማትን ነቲ መስርሕ ናይ ሓድነትን ምሕዝነትን ምጉታትን ምትዕንቓፍ ካልእ ፋይዳ የብሉን። ነዚ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ኩሎም ተላዘብቲ ሸነኻት ባይቶ ቃልስና ናብ ዝሓሸ ብርኪ ክሰግርን ህዝብናን ሃገርናን ከነድሕንን እቲ ልዝብ ክዕወት ጻዕርታቶም ክብ ከብሉ ማእከላይ መሪሕነት ተማሕጺኑ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ነቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ እናሻዕ ብሰንኪ ባዕላውን ወድዓውን ጸገማት ኣብ ሕቶ ሓድነትን ምሕዝነትን ከጋጥሙ ዝጸንሑን ዘለዉን ዕንቅፋታትን ብቑዕ ኣመራርሓ ኣብ ምሃብ ዘይምብቃዕን ዘሎ ሃጓፍ ተበሊጾም ኣብ ናይ ድሕረት ዓዘቕቲ ወዲቖም ነቲ ክንደይ መስዋእቲ ተኸፊሉዎ ዝተሃነጸ ናይ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ክበታትኑን ክዘርጉን ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ ከም ኣግኣዝያውያንን መሰልቶምን ዘኣመሰሉ ናይ ሃገራዊ ሰራዝነት ኣንፈት ብዝኾነ መልክዕ ይገለጽ ብዘየገድስ ክምከት ዘለዎ ሓደገኛ ክስተት ምዃኑ ማእከላይ መሪሕነት ብዕምቆት መዚኑ።

## ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ነቲ ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ መዓልቲ-መዓልቲ ንስደት ዝውሕዝ ዘሎ ህዝብና ኣብ ጉዕዝኡ ብዙሕ ጸገማት ሰጊሩ ኣብ ዘዝበጽሖ ሃገራት ናይ ስደተኛ ሰብኣዊ መሰሉ ክሕለወሉ ንማሕበረ-ሰብ ዓለም ጸዋዒት ገይሩ። ስደት ዘላቒ መፍትሒ ዝረክብ ምልካውያን ስርዓታት ብቃልሲ ውጹዓት ህዝብታቶም እንተተወጊዶም'በር ጠንቂ ናይ ስደት ዝኾኑ ምልካውያን ስርዓታት መህጠሪ ጅቦኦም ዘይተኣደነ ገንዘብ ብምፍሳስ መፍትሒ ክረክብ ኣይክእልን እዩ። ብኣንጻሩ

ዕድመ ምልካውያን ስርዓታት ክናዋሕን ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ክዓብን፡ ስቓይ ህዝብታት ክቕጽልን ዝገብር እዩ። ስለ ዝኾነ ካኣ ነዚ ከተግብሩ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዘለዉ ገለ ገለ ሃገራት ኤውሮጳ ግጉይ ፖሊሲኦም ከስተኻኽሉ ማእካላይ መሪሕነት ጸዊዑ።

እቲ ብብዝሒ ዝስደድ ዘሎ መንእሰይ ወሎዶ ካኣ ስደት ግዝያዊ መፍትሒ ዳምበር ዘላቒ መፍትሒ ከም ዘይኮነ ተግንዚቦም ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ በላዕ-ሰብ ጨካን ስርዓት ህግደፍ ንምድሓን ዓቲቦም ናብ ቃልሲ ክውጉኑ ማእከላይ መሪሕነት ጸዊዑ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ንህልዊ ውድባዊ ኩነታትና ኣብ ዝረኣየሉ፡ ኣብ ኩሉ-መዳያዊ ዕማማት ውድብና ብፈጻሚ-ኣካልን ኦዲት ኮሚሽንን ኣሰናዳኢት ሽማግለ ካላኣይ ውድባዊ ጉባኤን ንዝቐረቡ ጸብጻባት ብጽሞና ድሕሪ ምስማዕን ዓሚቝ ክትዓት ብምክያድ መጻኢ መደባት ሰሪዑን ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣመሓላሊፉ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ መላእ ኣባልና ንውድቡ ብቁጠባ ክዕቢ ክገብሮም ዝጸንሑን ዘሎን ኣስተዋጽኦታት ኣሞጒሱ። ከምኡ'ውን ምስ ኩሎም ካለኦት ግዱሳት ኤርትራውያንን ገበርቲ ሰናይ ወጻእተኛታትን ኮይኖም ስደተኛ ህዝብና ክሕገዝ ዝገብርዎ ዘለዉ ጻዕርታት ኣሞጒሱ። ጀጋኑ ናይ ፕሮፖጋንዳን ውደባን ዕጡቓት ኣሃዱታትና ምስቲ ኩሉ ብጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ እናመከቱ ዘካይድዎ ዘለዉ ውፉይ ሓርበኛዊ ቃልስታት ኣሞጒሱ።

ማእከላይ መሪሕነት ኣብዚ ኣኼብኡ'ዚ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ንደሞክራስያዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ምድጋፎም፡ ከምኡ'ውን ንስደተኛ ህዝብና ኣብ ዝተፈላለየ ላዕለዋይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ኮሎጃትን ዩኒቨርሲታትን እናተኣናገዱ ክመሃር ዝገብርዎ  ዘለዉ ኣስተዋጽኦ ሞጒሱ ገሊጹ።

ኣብ መደምደምታ ማእከላይ መሪሕነት ካብ ውሽጡ ብደሞክራስያዊ መንገዲ ፈጻሚ-ኣካል ብምምራጽ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

**ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!!**

**ውድቀት ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!**

**ማእከላይ መሪሕነት ደሞክራሰይዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ!**

**(ደግሓኤ)**

**9 ሚያዝያ 2017**

`